WOMEN'S REFUGEE COMMISSION

# ለውጢ ንዝተተኣከቡ ስደተኛታት፡ ኣብ ካይሮ ንዝርከቡ መንእሰያት ስደተኛታት ዘጋጥሞም ሓደጋታትን መፍቲሒታቱን

## ንሓገዝቲ ኮም ዚውሃብ ጸብጻብ

**ንሕና መን ኢና፧**

ማሕበር ስደተኛታት ደቀንስትዮ (WRC)፡ ኣብ ኒውዮርክ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝመደበሩ ትካል መጽናዕትን ጥብቅናን መሰላት ስደተኛታት እዩ። ዕላማና ድማ ምምሕያሽ ናብራን ምክልኻል መሰላት ስደተኛታት፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተመዛበላ ደቂ ኣንስትዮ፣ ቆልዑን መንእሰያትን እዩ። ቀንዲ ንጣበቀሉ ጉዳያት ድማ ነቶም ብሰንኪ ግጭት ወይ ቅልውላው ሃስያ ንዝገጠሞም ሰባት ኣብ ዝጸሉ ሕግታትን፡ ፖሊሲታትን ፕሮግራማትን ለውጢ ንምግባር እዩ።

**ንምንታይ ናብ ካይሮ መጺእና፧**

ኣብ 2011፡ WRC፡ ኣብ መነባብሮ ሓውሲ ከተማን ስደተኛታትን ኣመልኪቱ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። ኣብቲ ዝተገብረ መጽናዕቲ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ፍልልይ ከም ዘለዎ ዝተጸንዐ ድሌታት መንእሰያትን ከመይ ጌርካ ነዞም ድሌታት ኣብ መፈጸምትኦም ተብጽሖምን እዩ። ኣብ ሓውሲ ከተማ ዝነብሩ ስደተኛታት ዝውዕል ሓገዛት ረኺብና። ናብ ካይሮ ዝመጻናሉ ምኽንያት ግን ኣብ ትምህርትን ዕድላት ኣብ መነባብሮን ንዘሎ ድሌታት መንእሰያት ንምግምጋም እዩ። ኣብ ካይሮ ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ኣመልኪትና ጸብጻብ ንምድላው፡ ነዚ መጽናዕቲ'ዚ ተጠቒምና። ከምኡ'ውን እዚ መጽናዕቲ'ዚ፡ ውጽኢታዊፕሮግራማት መነባብሮ መንእሰያት ስደተኛታት ኣብ ሓውሲ ከተማ ብኸመይ ከምዝዳሎን ከምዝትግበርን ዚሕብር ሓፈሻዊ መምርሒ ንምጽሓፍ ድማ ክሕግዘና እዩ።

**ኣብ ናይ ምብጻሕ ጊዜና እንታይ እንታይ ጌርና፧**



Dale Buscher ምስ ማሕበር ስደተኛታት ደቀንስትዮ ምስ ሰራሕተኛታት ስነ ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ስደተኛታት ንPSTIC ከም ተሓጋገዝቲ መጽናዕትን ንመርመራ ተርጎምትን ዝሰርሑ። እቶም መንእሰያት ድማ ዒራቃውያን ስደተኛታት እዮም።

ምስ ስደተኛታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ማለት ሱዳናውያን፡ ደቡብ ሱዳናውያን፡ ዒራቃውያን፡ ሶማልያውያን፡ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ማሕበረኮም ኦሮሞ ተራኺብና ኔርና። ብዛዕባ ተሞኩሮታቶምን ዘለዎም ርእይቶታት መፍትሕን ዚምልከት ምስቶም መንእሰያት ብዝያዳ ተዘራሪብና። በብውልቂ ቃለ-መጠየቅ ንኽነካይደሎም ድማ ምስ 22 ሰባት (14 ደቂ ኣንስትዮ፡ 9 ደቂ ተባዕትዮ ) ተራኺብና። ከምኡ'ውን ትሽዓተ ኣብ ጉጅለታት ዘተኮረ ነፍሲ ወከፍ ካብ 6-8 ኣባላት ዘለዎ ክትዕ ተካይዱ። ንመንእሰያት፡ ወለዲ፡ መራሕቲ ናይ'ተን ኣብ ማሕበር ዝተመርኮሳ ትካላት (CBO)፡ ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ልቦና ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት (23 ደቂ ኣንስትዮ፡ 30 ደቂ ተባዕትዮ) ዝተፈላለያ ጉጅለታት ነይረናና። ጠቅላላ ቍጽሪ ዘዘራረብናዮምስደተኛታት፡ 88 (ካብዚኦም 38 ደቂ ኣንስትዮ፡ 50 ደቂ ተባዕትዮ) ነይሩ። ከምኡ'ውን ኣብ መነባብሮ ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘተኮረ ሓገዝ ንዝተመዛበሉ መንእሰያት ምስ ዝህባ ወይ ኣብ ክንድኦም ብምዃን ምስ ዝጣበቓ 19 ወከልቲ ትካላት ቃለ-መጠየቅ ኣካይድና ነይርና።

**ዝነበረ ኩነታት**

ግብጺ፡ ብዛዕባ መሰላትን ኣተሓሕዛ ስደተኛታትን ዝምልከት ኣብ 1951 ዚተኣመመ ውዕል ከምኡ'ውን ናይ 1967 ፕሮቶኮል ፈሪማትሉ ኢያ። ብተወሳኺ፡ ኣብ 1969 ንዝተኣመመ ውዕል ውዱብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ፈሪማትሉ ኢያ። ስለዚ፡ ነዞም ውዕላት ግብጺ ስለ ዝፈረመትሎም፡ ዝተገፍዑን ብዘይ ድሌት ዝተሰዱ ስደተኛታትን ንግዚኡ ከተዕቁቦምን ክትከላከለሎምን ግዴታታት ኣለዋ።

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR)፡ ውሳነ ኵነታት ስደተኛታት (RSD) ይህብ፣ ንስደተኛታት ይምዝግብን ሰነዳት ድማ ይህብን።

ግብጺ፡ ንስደተኛታት ዝከላከሉን መሰላቶም ዝህቡን ፍሉያት ኣህጉራዊ ሕግታት ፈሪማትሎም ኢያ። ምናልባት፡ ብሕጊ፡ ስደተኛታት ናይ ምስራሕን ምምሃርን መሰላት ዘይብሎም ይመስለና ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ ብውሽጣዊ ሕጊ ግብጺ፡ ስደተኛታት ከም ወጻእተኛታት ክቑጸሩ ይኽእሉ ኢዮም፡ እዚ ማለት ድማ ናይ ብሓቂ ናይ ምስራሕን ምምሃርን መሰላት ኣለዎም ማለት እዩ። መንእሰያት ስደተኛታት፡ ስራሕ ንኽረኽቡን ትምህርቲ ንኽምሃሩን ኣዝዩ ኣጸጋሚ ዝገብሮ ካልእ ምኽንያታት ኣሎ፡ ገለ ካብቲ ምኽንያታት እዞም ክልተ ኣገደስቲ ንርአ፥

• ኣብታ ሃገር፡ ልዑል ዝኾነ ሽቕለት ኣልቦነት ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ግብጻውያን መንእሰያት'ውን ስራሕ ኣብ ምርካብ ጸገማት ኣለዎም።

• ገሊኦም ስደተኛታት ቋንቋ ዓረብ ክዛረቡ ኣይክእሉን እዮም። ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ኮነ ሞያዊ ስልጠና ንኽትወስዱ ዓረብኛ ክትዛረቡ የድልየኩም እዩ።

__ፈሊጥናዮ ዘሎና እንታይ እዩ፧__

ገሊኦም መንእሰያት ስደተኛታት ስራሕ ይሰርሑ እዮም። እንተኾነ ግን፡ እቲ ስራሕ ንነዊሕ ሰዓታት ምዃኑን ካብ ገዛውቶም ብጣዕሚ ርሑቕ ምዃኑ ከምኡ'ውን ብዙሕ ክፍሊት ከም ዘይብሉን ፈሊጥና። ሓደ ሓደ ግዜ እንድሕር ናይ ገዛ ስራሕ ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ስነ ኣእምሮኣዊን ናይ ዘይተደልየ ጾታዊ ዓመጽን ብኣስራሕቶም ሓደጋታት ይገጥሞም እዩ ስራሕ እኳ እንተሎ፡ ውሑስ ከምኡ'ውን ንመነባብሮ ወጻኢታት ዝሸፍን እኹል ደሞዝ ኣይኮነን።



መንእሰይ ስደተኛ ምልሓም እንዳተማህረ ከሎ፡ ሓደ ካብቲ ውዕዉዕ ኣማራጽታት ልምምድ ንዘይወግዓዊ ስነ ቁጠባዊ ስራሓት፡ ኣብ Don Bosco’s ሞያዊ መሰልጠኒ ማእከል። ትሕተ ስእሊ ናይ Don Bosco.

መንእሰያት፡ ንዕኦም ዚኸውን ዝኾነ ፕሮግራማት ሓገዝ የብሎምን። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ኩሉ'ዚ ፕሮግራማት፡ ንስድራቤታትን ተኣፈፍቲ ውልቀ ሰባትን ጥራይ ዜገልግል እዩ። መንእሰያት፡ ኣብ ድሌታቶም ዝተኮረ ንሓድሕዶም ክራኽቦምን ክተሓጋግዞምን ዝኽእል ፕሮግራማት ይደልዩ እዮም።

መንእሰያት፡ ኣብ ሓደ ግዜ ክሰርሑን ኣካዳምያዊ/ሞያዊ ትምህርቲ ክምሃሩን ይደልዩ። እንተኾነ ግን፡ ነዚ ክገብርዎ ኣይክእሉን እዮም፡ ምኽንያቱ ናይ ምሸታዊ ትምህርቲ ስለ ዘየለ። እዚ ንትምህርቲ ቋንቋ ብጣዕሚ ኣገዳስን ሓቕን እዩ፣ ምኽንያቱ ቋንቋ ዓረብ እንተዘይ ተማሂርካ፡ ናብ ኣካዳሚያዊ ኮነ ሞያዊ ትምህርቲ ክትከይድ ኣጸጋሚ እዩ።

መንእሰያት፡ ሞያዊ ትምህርቲ ክመሃሩ ይደልዩ እኳ እንተኾኑ፡ ብቕዓት ናይቲ ትምህርቲ ትሑትን ሓጺርን እዩ።

ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ማለት UNHCRን ዘይመንግስታዊ ትካላትን (NGOs)፡ ነቶም ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ስደተኛታት ጥራይ ሓገዝ ይገብር። መንእሰያት ብናይ ገዛእ ርእሶም ሓርኮትኮት ስራሕ ክረኽቡ ኪኢሎም ኮነ መፍትሒ ጸገማቶም እንድሕር ረኺቦም፡ ነቲ ተበግሶኦም ርእዩ ወለሓደ ዝሕግዞምን ዘተባብዖምን ኣካል የለን።

ምትሕልላፍ ሓበሬታ ዝተደናገረ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ግሉጽ ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ስደተኛ ዝተፈላለየ መሰላት ሰለዘለዎም ኪኸውን ይኽእል ኣዩ። ንኣብነት፥ ኣየናይ ስደተኛ ኢዩ ናጻ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዝፍቀዶ ወይ ሞያዊ ትምህርቲ ንኺወስድ ብቑዕ ዝኾነ መን ምዃኑ ንምፍላጥ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ሓበሬታ ግሉጽ ምስ ዘይከውን፡ ኣብ መንጎ ስደተኛታትን ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ማለት UNHCRን ዘይመንግስታዊ ትካላት ማለት NGOን ዘይምትእምማን ክፈጥር ይኽእል እዩ። ኣብ መንጎ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላትን ማሕበር ስደተኛታትን ድማ ናይ ግድን ጥቡቅ ዝምድና ወይ ርክብ ክህሉ ኣለዎ።

__እንታይ ንመኽሮም__

UNHCR ክገብሮ ዘልዎ፡

• ነቲ ንመንግስቲ ግብጺ ኣብ ግምት ዘኤቱ ስራሕ ጥብቕና ዚምልከት ንነዊሕ ዝጠመተ መፍትሕንምስ'ቲ ኣብ ትምህርታዊ ደገፍን ንመነባብርአ ብፍሉይ ንዜተኩር መነባብሮን ብዚምልከት ንመእስያት ደገፍ ዚህብ ናይ ሓጺር ግዜ መፍቱ።

• ነቶም ነዚ ኣገልግሎታት ዝህቡ መሻረኺቲ ትግባረ ዳግመ ግምገማ ምግባር። ስምምዓት ሽርክነት፡ ንመንእሰያት ግብጺ ናብ ዘገልግላ ማሕበራት ኪሰፍሕ ይግባእ"

**<u>ወሃብቲ ኣገልግሎት ክገብርዎ ዘለዎም:</u>**

• ንስደተኛትት ዝውዕል ራድዮ ኢንተርነት/መስመር YouTube ክጅምሩሎም ኣለዎም። ልክዕ'ዩ፡ ኣብ ምትሕልላፍ ዝበለጸ ሓበሬታታት ብዙሕ ነገራት ተገይሩ እኳ እንተኾነ፡ ንዘይምትእምማንን ግጉይ ሓበሬታን ንምቕናስ ብዙሕ ክግበር ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት ተክኖሎጂ፡ መንእሰያት፡ ኣብ ኮማዊ ጉዳያት ንክነጥፉ ከተባብዖም ይኽእል እዩ። ሓድሽ ቋንቋ ንኽትምሃረሉ ዚሕግዝ መምሃሪ ቪድዮታት ወይ ኣብ ግዜ ምሸት ብረድዮ ዚውሃብ ትምህርታትን፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ኮነ ነቶም ነዊሕ ተጓዒዞም ክምሃሩ ዘይክእሉ ክምህሮም ይኽእል እዩ።

• ምስ ውሽጣውያን ግብጻውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት ብምርኻብ ሽርክነት ይፍጥሩ። እቲ ዚውሃብ ሓገዛት ውሱን እዩ፡ ጸገማት መንእሰያት፡ ምስ ደቂ ዓድን ኩሉ ስደተኛታትን ኬንካ ክፍታሕ ኣለዎ። ከም ዓውደ-መጽናዕቲ ምብራኽ ንቕሓት፣ ጉጅለታት መንእሰያትን ጉጅለታት ስፖርትን ዝኣመሰሉ ፕሮግራማት ድማ ነቲ ኣብ መንጎ መንእሰያት ስደተኛታት ዝርአ ምፍልላያት ከጽብቦ ይኽእል እዩ።

**<u>ኣብ ኮም ዝተሰረታ ማሕበራት ስደተኛታት (CBOs) ክገብርኦ ዘለወን፥</u>**

• ትምህርቲ ቛንቋ፣ ንስራሕ ዘዳሉ ስልጠና፣ ትምህርቲ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ከምኡ'ውን ምሸታዊ ትምህርቲ ኮምፕዩተር ምሃብ።

• ንመንእሰያት ዜገልግል ዓርኪ ንዓርኪ ዝራኸበሉ መርበባትን ናይ ጉጅለ ንጥፈታትን ምህላው። መንእሰያት፡ ናይ ግድን መዘናግዕታት የድልዮም እዩ፡ እዚ ድማ ማሕበራዊ ሂወት ንምፍጣር ይሕግዞም።

• ብዛዕባ ንስራሕ ድሉው ምዃን ዚምልከት ኣብ ዓውደ-መጽናዕቲ ወይ ኣኼባታት ሓበሬታ ምሃብ። እዚ፡ ኣብቲ ሕብረተ ሰብ ካብ ዝሰርሑ ዘለዉ ሰባት ክወሃቦም ይከኣል እዩ።

• ምስ ካልኦት CBOs ርክባት ብምግባር ሓበሬታታ ምልውዋጥ፣ ሓደ ካብቲ ካልእ ምምሃር፣ ሓባራዊ ዝንባለን ዕድላትን ምልላይ ከምኡ'ውን ንሓድሕድካ ምትሕግጋዝ።

እንተደሊኩም፡ ምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብ ለውጢ ንዘተኣኻኸቡ ስደተኛታት፥ ኣብ ካይሮ ንዝርከቡ መንእሰያት ስደተኛታት ዘጋጥሞም ሓደጋታትን መፍቲሒታቱን ተዋሂቡ ንዘሎ ጸብጻብን ምኽርታትን፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም (ብኢንግሊዝ) http://wrc.ms/PymzJ0.

እዚ ጸብጻብ ሓጋዚ ኮይኑ እንተረኺብክሙዎ፡ ብኽብረትኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ሓብሩና info@wrcommission.org.

**<u>ምስጋና</u>**

ነቶም ዝተዘናበሉ መንእሰያት ኣዋልድን ኣወዳትን ግዚኦም ሰዊኦም ሂዎቶም ኣብ ሓደጋ የእትዮም፡ ነዚ መጽናዕቲ ክንገብር ንዝሃቡና ሓበሬታ ከነመስግኖም ንፈቱ።

እዚ ጸብጻብ ኣብዚ ክበጽሕ ዝከኣለ ብሓገዝ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ክፍሊ መንግስቲ፡ ቤት ጽሕፈት ቆጻራ ህዝቢ፡ ክፍሊ ውቅባን ስደተኛታት እዩ።

Women’s Refugee Commission | 122 East 42nd Street | New York, NY 10168-1289
212.551.3115 | info@wrcommission.org | www.womensrefugeecommission.org